Asylum Support Partnership
help and advice

March 2010 Tigrignia

# ናይ ጥረ ገንዘብ ሓገዝ ጥራይ ንምርካብ ምምልካት፡ ምስ ቤተሰብ ወይ ፈተውቲ ንምቅማጥ ምግዓዝ

ኣብዚ እዋን'ዚ ካብ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዶብ ኤጀንሲ (UK Border Agency - UKBA) ናይ መንበሪ ኣባይትን ናይ ጥረ ገንዘብን ሓገዝ እንተደኣ ትቕበሉ ኣሎኹም እሞ፡ ነቲ መንበሪ ኣብይቲ ሓዲግኩም ምስ ቤተሰብ ወይድማ ፈተውቲ ክንቅመጡ ምስ እትደልዩ፡ ቅድሚ ምግዓዝኩም ን UKBA ክትሕብሩ ይግባእ። ኣብቲ ብ UKBA ዝወሃብ ናይ ግዝያዊ መንበሪ ኣባይቲ ትቕመጡ እንተደኣ ኣሎኹም፡ ነቲ መንበሪ ኣባይቲ ዘቕረበልኩም ኣካል ክትሕብርዎ ይግባእ። ከምኡ ምስዘይትገብሩ ግና፡ UKBA ነቲ እትቕበልዎ ናይ ጥረ ገንዘብ ሓገዝ ከቋርጾ ይኽእል እዩ።

እዚ ሓጺር ጽሑፍ'ዚ ናይዞም ዝሰዕቡ ነገራት ሓበሬታ የቕርብ፥

- ካብ መንበሪኹም ምግዓዝ ነቲ ካብ UKBA እትቕበልዎ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ብኸመይ ይጸልዎ
- ቅድሚ ምግዓዝኩም እንታይ አቀዲምኩም ክትሓስቡ ከምዝግባእ
- ምስ ኣባል ቤተሰብኩም ወይ ፈተውትኹም ንምንባር ብኸመይ መንገዲ ካብ UKBA ፍቓድ ከምእትሓቱ
- ነቲ ተቕርብዎ ሕቶ ዝድግፉ እንታይ ሰነዳት ከምዘድልዩ፡ ከምእውን
- ብኸመይ ክንሕግዘኩም ከምእንኽእል

## ምስ ፈተውተይ ወይ ቤተሰበይ ምቕማጥ እንተጀሚረ ነቲ ካብ UKBA ዝቕበሎ ናይ ጥረ ገንዘብ ሓገዝ ክጸልዎ ይኽእል ዶ?

UKBA ናይ ቤተሰብኩም ወይ ፈተውትኹም ናይ መንበሪ ኣባይቲ ወጻኢታት ከምዘይከፍል ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ። ስለዝኾነ ድማ፡ እቲ ፈታዊኹም ወይ ኣባል ቤተሰብኩም ክራይ ክትከፍልዎም ወይድማ ንወጻኢታቶም ሓገዝ ከተበርክቱ ክጽበይኹም ከምዘይብሎም ምርግጋጽ ኣድላዩ እዩ።

## ምስቶም ኣብ ካልእ ቦታ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ዝቕመጡ ፈተውተይ ወይ ኣባላት ቤተሰበይ'ከ ክቕመጥ ይኽእልዶ?

እወ፡ ምስቶም ኣብ ካልእ ቦታ ዝቕመጡ ፈተውትኹም ወይ ኣባላት ቤተሰብኩም ንምቕማጥ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። እንተኾነ ግና፡ ምስ ኣብ ካልእ ከተማ ወይድማ ኣብ ካልእ ክፍሊ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ዝቕመጥ ሰብ ክትነብሩ እንተደኣ ደሊኹም፡ ናይ ኢሚግሬሽን ጉዳይኩም እውን ናብኡ ክመሓላለፍ ስለዘለዎ፡ ኣብ ካልእ ዞባ ከተመልክቱ ከድልየኩም እዩ።

**ንኽትግዕዙ ናይ UKBA ፍቓድ ክትሓቱ ዘድልየን ዞባታት ዓዲ እንግሊዝ እንተደኣ ትቕመጡ ኰንኩም፡ ካባታቶም ፍቕድ ብጽሕፍ ከይተወሃበኩም ክትግዕጉ ኣይግባእን። ፍቓድ ከይረኸብኩም እንተደኣ ግዒዝኩም ነቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ክጸልዎ ይኽእል እዩ።**

**ቅድሚ ምግዓዝኩም ካብ UKBA ናይ ጽሑፍ ፍቓድ ክትሓቱ ከምዘድልየኩም ርግጸኛ እንተደኣ ዘይኰንኩም፡ ካብቲ ኣብ ቀረባኹም ዝርከብ ናይ ስደተኛታት ኤጀንሲ ምኽሪ ሕተቱ።**


Asylum Support Partnership is a partnership project hosted by the British Refugee Council
British Refugee Council, (commonly called the Refugee Council) is a company limited by guarantee registered in England and Wales, [No 2727514] and a registered charity, [No 1014576].
Registered office: 240-250 Ferndale Road, London SW9 8BB, United Kingdom, VAT no: 936 519 988

## ቅድሚ ምግዓዘይ ኣብ ግምት ክእትዎም ዝግበኣኒ ካልኦት ነገራትከ እንታይ እዮም?

- **ሴክሽን 55 (Section 55) (UKBA ናይ ጥረ ገንዘብ ሓገዝ ንምሃብ ክዕቀብ ስልጣን ዝህቦ ሕጊ)**

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ምስ መጻእኩም ድሕሪ ሰለስተ መዓልታት (72 ሰዓታት) ናይ ዑቕባ ሕቶ እንተደኣ ኣቕሪብኩም፡ ክምእውን ናይ ጥረ ገንዘብ ሓገዝ ንኽወሃበኩም ከተመልክቱ እንተደኣ ደሊኹም፡ ብ UKBA ዝካየድ ናይ ሴክሽን 55 ቃለመጠይቕ ክግበረልኩም ይኽእል እዩ።

ኣብዚ ናይ ቃለመጠይቕ ግዜ፡ UKBA ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ኣብ ግምት የእቱ፥

- ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም ዘእቲኹም እንተደኣ ኰንኩም
- ብዛዕባ ምምጻእኩም ዘቕረብክሞ ጸብጻባት ሓበሬታ እንተደኣ ኣሚነሞ
- UKBA ሓገዝ ክህብ እንተደኣ ዘይደለየ፡ ኣባኹም ክወርድ ዝኽእል ዘይሰባዊ ዝኾነ ጸገማትን ውርደትን ዘጋጥመኩም እንተደኣ ኮይኑ።

ቤት ጽህፈት UKBA እቲ ዘቕረብክሞ ናይ ዑቕባ ሕቶ ብዝተኻእለኩም መጠን ኣብቲ ዝግባእ ናይ ግዜ ገደብ (’ብዝተኻእለ መጠን ብቕልጡፍ’) ኣየቕረብክምዎን ኢሉ እንተደኣ ወሲኑ፡ እቲ ዝህቦ ናይ ጥረ ገንዘብ ሓገዝ ምሃብ ክኣብየኩም ይኽእል እዩ። ነዚ ውሳነ እዚ ብምቅዋም ይግባይ ክትብሉ ኣይትኽእሉን ኢኹም፤ እንተኾነ ግና እንደገና ክረኣየልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

- **ሕጋዊ ምኽሪ ምርካብ**

ናብ ካልእ ክፍሊ ናይ ዓዲ እንግሊዝ እንተደኣ ግዒዝኩም፡ እቲ ዝውክለኩም ዘሎ ሕጋዊ ወኪል ደጊም ክውክለኩም ከምዘይክእል ክነግረኩም ይኽእል እዩ።

ስኮትላንድ ካብ ካልእ ክፍላት ናይ ዓዲ እንግሊዝ ዝተፈለየ ናይ ሕጊ ኣሰራርሓ ኣለዋ። ጉዳይኩም ኣብ ትሕቲ ብቤት ፍርዲ ዝግበር ግምገማ (Judicial Review) ወይድማ ኣብ ትሕቲ ይግባይ ኣብ ምርመራ ቤት ፍርዲ ስኮትላንድ (Court of Session in Scotland) ምስዝህሉ፡ ናብ ካልእ ክፍሊ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ቅድሚ ምግዓዝኩም ሕጋዊ ዝኾነ ምክሪ ክትረኽቡ ከምዝግበኣኩም ኣጥቢቕና ነተሓሳስበኩም።

- **ናይ መጎዓዚ ወጻኢታት**

ክትግዕዙ እንተደኣ ወሲንኩም፡ UKBA ናይ መጉዓዚ ወጻኢታትኩም ስለ ዘይከፍለኩም፡ ናይ መጎዓዚ ወጻኢታትኩም ባዕልኹም ክትክእልዎ ይግባእ።

## ቅድሚ ምግዓዘይ ካብ UKBA ፍቓድ ክረክብ እንተደኣ ኣሎኒ ኰይኑ እንታይ ክገብር የድልየኒ?

ክታምኩም ዘለዎ ናይ ጽሑፍ ሕቶ ናብ UKBA ከተቕርቡ ይግባእ። ከምእውን ካብቲ ፈታዊኹም ወይ ኣባል ቤተሰብኩም፡ ምስኣቶም ክትቅመጡ ከምዘፍቀዱ ምኺኖም ዘረጋግጽ ናይ ጽሑፍ መረጋገጺ ከተቕርቡ ይግባእ።

እቲ ፈታዊኹም ወይ ኣባል ቤተሰብኩም መንበሪ ኣባይቱ ዝውንን እንተደኣ ኰይኑ፡ እዞም ዝስዕቡ ዘረጋግጽ ደንዳቤ ከቕርብ ይግባእ፥

- መንበሪ ኣባይቲ ከምዝውንኑ ከምእውን ምሳታቶም ክትነብሩ ፍቓደኛ ምኺኖም ዝገልጽ
- ክራይ ናይ ገዛ፣ ወይድማ ናይ ጋዝ፣ ኤለክትሪክን ማይን ክፍሊት ክትሕግዙ ከም ዘይጽበይኹም ዝገልጽ፡ ከምእውን
- መንበሪ ኣባይቲ ጥራይ እምበር ካልእ ተወሳኺ ናይ ገንዘብ ሓገዛት ክገብርልኩም ከምዘይክእሉ።

ከምእውን ከምዚ ዝስዕብ ከቕርቡ ይግባእ፥

- ሽሞምን ኣድራሽኦምን ዝተጻሕፎ መረጋገጺ ናይ ቀረባ ግዜ ክፍሊት (ናይ ጋዝ፣ ኤሌክትሪክ፣ ማይ)፡ ከምእውን
- ወነንቲ መንበሪ ኣባይቶም ከምዝኾኑ መረጋገጺ፡ ንኣብነት ናይ ገዛ ሞርጌጅ ዝተኸፍሎ።

እቲ ፈታዊኹም ወይ ኣባል ቤተሰብኩም ተኻርዩ ዝቕመጥ እንተኾይኑ፡ ነዚ ዝስዕብ ክቕርቡ ይግባእ፥

- ካብቲ ኣካራዪ ኣካል፡ ኣብቲ ዝተገልጸ መንበሪ ኣባይቲ ምስ ፈታዊኹም ክትነብሩ ከምዘፍቀደ ዝገልጽ፡ ክታም ዘለዎ ደብዳበ
- ካብቲ ፈታዊኹም፡ ምስኡ ከቕምጠኩም ፍቓደኛ ከምዝኾነ ከምእውን ክራይ ወይድማ ካልእ ክፍሊታት (ጋዝ፣ ኤሌክትሪክ፣ ማይ) ከተካፍልዎም ከምዘይጽበይኹም ዝገልጽ ክታም ዘለዎ ደብዳበ፤ ከምእውን
- ኣብቲ ዝተገልጸ ኣድራሻ ሽሞም ዝተጻሕፎ፡ ናይ ቀረባ እዋን ናይ ክፍሊት ደብዳበ።

**ብኸመይ ክንሕግዘኩም ንኽእል?**

ናይ ስደተኛታት ኤጀንሲታት፡ ምስ ቤተሰብ ወይ ፈተውቲ ክትቅመጡ ካብ UKBA ፍቓድ ንምርካብ ናይ ጽሑፍ ሕቶ ከተእትዉ እንከለኹም ክሕግዝኹም ይኽእሉ እዮም። እቲ ኣብዚ እዋን ኢዚ ናይ UKBA መንበሪ ኣባይቲ ዝሀበኩም ኣካል፡ ኣብ ከባቢኹም ናይ ስደተኛታት ኤጀንሲ ኣበይ ከምዝርከብ ክሕብረኩም ይኽእል ኢዩ፡ ወይድማ ኣብ ዝቕጽል ገጽ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ኣድራሻታት መርበብ ሓበሬታ ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

ብዛዕባ ሓድሽ ኣድራሻኩም ወይድማ ኩነታትኩም ዝምልከት ዝኾነ ለውጢ እንተደኣ ኣሎ ኮይኑ እሞ ን UKBA ክትሕብርዎ እንተደኣ ደሊኹም፡ ነቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ናይ ስደተኛታት ኤጀንሲ ክትውከስዎ ትኽእሉ ኢኹም።

**ስዒቡ ዝፍጸም ነገር እንታይ እዩ?**

ምስ ቤተሰብ ወይ ፈተውቲ ንኽትነብሩ ፍቓድ ክወሃበኩም እንተደኣ ተመልክቱ ኣሎኹም፡ UKBA ዘቕረብክሞ ሕቶኹም ንኽርእዮ ገለ ሰሙናት ክወስደሉ ይኽእል እዩ። UKBA ብቐጥታ ናባኹም ጽሑፍ ብምልኣኽ፡ ብዛዕባ ውሳኔኡ ክሕብረኩም እዩ።

ድሕሪ ኣርባዕተ ሰሙን ካብ UKBA ገና ምላሽ እንተደኣ ዘይረኸብኩም፡ ብኽብረትኩም ካብቶም ናይ ስደተኛታት ኤጀንሲታት ሓደ ተወከሱ።

ንኽትግዕዙ ዘቕረብክሞ ሕቶኹም ተቐባልነት እንተደኣ ረኺቡ፡ UKBA ናባኹም ብቐጥታ ጽሑፍ ብምልኣኽ፡ እቲ ክትግዕዝሉ ዝመደብክሞ ዕለት ብልክዕ መዓስ ምዃኑ ክሓተኩም እዩ። እቲ ኩሉ ሓድሽ ምላሻት ድማ ናብቲ ሓድሽ ኣድራሻኹም ክልእኾ እዩ።

ምስ ገዓዝኩም እትቕበልዎ ሓገዛት ብዝምልከት ሽግር እንተደኣ ኣጋጢምኩም፡ ነቲ ኣብቲ ከባቢ ናይ ቀደም ኣድራሻኹም ዝርከብ ናይ ስደተኛታት ኤጀንሲ ዘይኮነስ፡ ነቲ ኣብቲ ከባቢ ሓድሽ ኣድራሻኹም ዝርከብ ናይ ስደተኛታት ኤጀንሲ ክትውከስዎ ይግባእ።

Asylum Support Partnership consists of:

North of England Refugee Service, charity number: 1091200 www.refugee.org.uk
Refugee Action, charity number: 283660 www.refugee-action.org.uk
Refugee Council, charity number: 1014576 www.refugeecouncil.org.uk
Scottish Refugee Council, charity number: SC008639 www.scottishrefugeecouncil.org.uk
Welsh Refugee Council, charity number: 1102449 www.welshrefugeecouncil.org